# ፈጻሚ ኣካል ሃገራዊ ኮምሽን መድረኽ ልዝብን ዘተን ኣዳልዩ

"መፍትሒ ጸገማትና ልዝብን ዘተን እዩ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ፈጻሚ ኣካል ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዘዳልዎ ኣኼባ ብ30 ጥቅምቲ 2011 ኣብ ዋና ከተማ ኢትዮጵያ ኣዲስ ኣበባ ተካይዱ። ኣብዚ ዘተ ኣባላት መሪሕነታት ናይ ዕስራን ሰለስተን ፖሎቲካዊ ውድባትን ሸሞንተ ካብ ኣባላት በርጌሳዊ ማሕበራትን ከምዝተሳተፉን ዕውት መድረኽ ልዝብን ዘተን ምንባሩን ካብቲ ኣዳራሽ ዝተረኽበ ሓበሬታ ኣረዲኡ። ኣቦ መንበር ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ንደሞክራስያዊ ለውጢ ሓው እምሃ ደመኒኮ ነቲ መድረኽ ክኸፍት ከሎ፡ ክህልውና ዝኽእሉ ጸገማት ንምፍታሕን ሃገራዊ ጉባኤ ንምዕዋትን መድረኽ ልዝብን ዘተን ኣገዳሲ ረቋሒታት ምኻኑ ብድሕሪ ምግላጽ፡ እዚ ኮምሽን ክፈትዎ ዘሎ ናይ ዘተ መድርኽ ሓደ ካብቲ ቅድመ ምድላው ክወሰድ ከም ዝግባእ ኣረዲኡ። ብተወሳኺ'ውን ዕላማ ናይዚ መድረኽ'ዚ መላእ ተሻረኽቲ ሃገራዊ ጉባኤ ነዚ ረዚንን ታሪኻውን ዕማም'ዚ ንምዕዋት ክጻወትዎ ዝግባእ ኣገዳሲ ተራ ንምድህሳስ ምኻኑ ኣብሪሁ።

ኣጀንዳታት ናይቲ ኣኼባ፡

1. ትዕዝብቲ ኣብ ቅድመ ሃገራዊ ጉባኤ ንዘሎ ምድህሳስ
2. ትጽቢትና ካብ ሃገራዊ ጉባኤ
3. ራእይና ተራ ፖሎቲካዊ ውድባት ኣብ ምዕዋት ሃገራዊ ጉባኤ
4. ራእይና ካብ ሃገራዊ ጉባኤ ዝምዘዝ ኣካል
5. ርእይቶና ብዛዓባ ተሳትፎን ተራን በርጌሳዊ ማሕበራትን ኣብ ሃገራዊ ጉባኤ
6. ድሕረ ሃገራዊ ጉባኤ ትጽቢትናን ተራ ተቓውሞ
7. ዝምድና ፖሎቲካዊ ወድባትን በርጌሳዊ ማሕበራትን ኩሎም ስብ ብርክን




ተሳተፍቲ ነቲ መድረኽ ልዝብን ዘተን ብኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ምድላዉን፡ ኤርትራዊ ብኤርትራዊ ናይ ዘተ መድረኽ ሙካኑ ብጣዕሚ ክተባባዕ ዝግብኦ ባህሊ ምኻኑን፡ ንቲ ዘተ መድረኽ ንዘዳለወ ፈጻሚ ኣካል ናእድኦም ብድሕሪ ምርግጋጽ፡ ክቕጽል ከም ዘለዎ ገለጹ። ነዚ ሃገራዊ ጉባኤ'ዚ ንምዕዋት ከኣ ኣብ ልዕሊ'ቲ ልዝብን ዘተን ኩሉ-መዳያዊ መንፈሳውን ስነ-ኣእምራውን ምድላው ብምግባር ተሳትፎ መላእ ሓይልታት ደሞክራስያዊ ለውጢ ኣገዳሲ ምኻኑ ኣረድኡ። ሓድነት ሓይልታት ደሞክራስያዊ ለውጢ ብምርግጋጽ ከኣ፡ ህዝብን ሃገርን ካብ ሓደጋ ብርሰት ንምድሓን ንስርዓት ህግደፍ ምውጋድ መድረኻዊ ዕማም ምኻኑ ተረዳድኡ። ስለዝኾነ ከኣ ነቲ ኣብ ቅድሜና ተገቲሩ ዘሎ ገዚፍ ዕማም ብምዕዋት፡

ድሌታት ህዝብና ንምምላእን ሰናይ ባህግታትና ንምርዋይን ሃገራዊ ጉባኤ ንምዕዋት፡ ካብቲ ኣብ ቅድሚና ዘሎ ቓራና መገዲ ብዓወት ንኸንስግሮ ፡ ብኩሉ ዓቕምታትና ክንሰርሕ ታሪኻዊ ሓላፍነትና የገድደና ክብሉ ኣረጋገጹ።




ፖሎቲካዊ ውድባትን በርጌሳዊ ማሕበራትን ክልቲኦም ኣካላት ዕላማታቶም ኣብ ኤርትራ ተግባራዊ ከይገብሩ ብገባቲ ስርዓት ህግደፍ ዝተኣገዱ፡ ሓባራዊ ጸላኢ ከም ዘለዎም ብምስትውዓል፡ ነዚ ጸላኢ'ዚ ንምእላይ ከኣ ሃገራዊ ጉባኤ ብምዕዋት ፍትሓዊትን ደሞክራስያዊትን ኤርትራ ንምርግጋጽ፡ ኣብ ሓደ ባቡር ቃልሲ ክንዓዙ ዘለዎ ተዳላይነት ናብ ሓባራዊ ምርድዳእ በጽሑ። ገለ ካብተሳተፍቲ ንትጽቢታቶም ካብ ሃገራዊ ጉባኤ ብዝተፍላልይ መልክዕ ገሊጾሞም፡ ገለ ካባኣቶም ከኣ፡-

1. ንህልው ኩነታት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ፡ ድልይት ህዝቢን ሕቶ ዲሞክራሲያዊ ሓይልታትን ኣብ ግምት ዘኣትወን፡ ሕቶ ሓድነትን ዘመለሰ እንትኮይኑ
2. ሓደ ንጽርን ንኩሉ ዝእኽብን ፖሎቲካዊ ቻርተር ኣጽዲቑ ምስ ዝወጽእ
3. ኣገዳሲ ሓባራዊ ፖሎቲካዊ ውሳኔታትን፡ ኩሉ ዝምእዘዘሉ ሕገ-ህንጻ ሒዙ ምስ ዝወጽእን
4. ብዕግበትን ምርድዳእን ሓደ ሓባራዊ መሪሕነትን፡ ሓደ ጽላል (ግንባር) ሒዙ ምስ ዝወጽእ ዓቢ ዓወት ምኻኑ ገሊጾም።

እቲ ብፈጻሚ ኣካል ኮምሽን ዝተዳለወ መድረኽ ልዝብን ዘተን ንልዕሊ ሸዋዓተ ሰዓት ዝወሰደ ሃገራዊ መንፈስ ዝዓሰሎ ሓላፍነትን ክመያየጥ ምውዓሉ ካብ ተሳተፍቲ ኣኼባ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የረድእ። ልዝብን ዘተን ንሃገራዊ ጉባኤ ንምዕዋት ዘለዎ ረቋሒታት ብምርዳእ፡ ነቲ ብፈጻሚ ኣካል ኮምሽን ዝተወሰደ ኣውንታዊ ተበግሶ ንምቅጻልን ነዚ ኣገዳሲ ዕማም'ዚ ብዓሚቕን ዕቱብን መንገዲ ንምፍጻምን ኣኼበኛታት ኣብዚቀልጠፈ እዋን ካብ መላእ ተሳተፍቲ ዘተ ኮሚቴ ልዝብን ዘተን ንምምዛዝ ንእርባዓተ ኣሕዋት ሓላፍነት ኣሰኪሞ እቲ ኣኼባ ብዓወት ምዝዛሙ ካብቲ ኣዳራሽ ዝመጸና ሓበሬታ ገሊጹ።

**ዓወት ንሃገራዊ ጉባኤ!!**
**ዝኽርን ክብርን ንስውኣትና!!**

**ሸማግለ ዜናን ሓበሬታን**
**ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ንደሞክራስያዊ ለውጢ**
**31 ጥቅምቲ 2011**
**WWW.ENCDC.COM**